# ኣብ ሓባራዊ ፌስቲቫል 2009 ብምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝቐረበ መደረ

08.08.2009



ወይዘሮ ገርጊስ ነጋሽ

ክቡራትን ክቡራንን መራሕትን መሰረታትን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
ክቡራትን ክቡራንን መራሕትን መሰረታትን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማት ኣጋይሽ

ኣብዚ ሎሚ ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ጀርመንን ምትሕብባር ጨናፍር ኤውሮጳን ዝተዳለወ ሓባራዊ ሰፊሕ በዓል ተረኺብና መደረና ከነስምዕ ዕድል ዝተዋህበና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

እዚ ሰፊሕ በዓል'ዚ ክዉን ንምግባር ከይተሓለለት ዝጸዓረት ኣሰናዳዊት ሽማግለ ኣናኣመስገና ዕዉት ፌስቲቫል ክኸውን ሰናይ ትምኒትና ንገልጽ።

ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ጀርመን ዓመት ዓመት ፌስቲቫል ክእንገድ ዘመናት ሓሊፉ እዩ። ናይ ሎሚ ዓመት ግን ፍሉይ ሓለፋ ዘለዎ እዩ። ህዝብና ንዓመታት ብምፍንጫል ተሳቒዩ ገና'ውን ይሳቐ ኣሎ። እዚ ከም ህዝቢ ንሳቐየሉ ዘሎና ምፍንጫል ፖለቲካዊ ጥራሕ ዘይኮነ ስነኣእሙራዊ እዩ'ውን። ሎሚ ግን ድሕሪ ነዊሕ ቓልሲ እቲ ከም ናይ ሓጺን መንደቕ ኮይኑ ፈላልዩና ዝጸንሐ ናይ ጀብሃ ሽዓብያ ኣተሓሳስባ ፈሪሱ ምስ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኣብ ድሮ ሓድነት በጺሕና እንሆ ሓባራዊ ብዓል ንምግባር በቒዕና። ሓባራዊ ፌስቲቫል ምግባር ንባዕሉ ኣብ ጉዕዞ ሓድነትና ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ። እዚ ሓድነት'ዚ ኸኣ ንህዝብና ጩራ ናይ ብርሃን ሂቡ ንጨቋኒ ስርዓት ህግዲፍ ከም ዘርዕዶ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ገና'ውን ጉዕዞ ሓድነና ቀጻሊ ኮይኑ ኩለን'ተን ናይ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ፍልልይ ዘይብለን ውድባት ከምዝሓብራ ጥርጥር የብልናን።

ንሕና ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ከም ኣካል ናይ ህዝብና መጠን ኣብ ብረታዊ ተጋድሎና ዝተጻወትናዮ ታሪኻዊ ግደ ዓለም ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ኣብዚ ገዛ ነዚ ሓቂ'ዚ ዘይፈልጥ ኣሎ ኢልና ስለዘይንኣምን ብዛዕብኡ ብዙሕ ምዝራብ ኣየድልን። ድሕሪ'ዚ ኹሉ መስዋእትን ስንክልናን ተወፋይነትን ግን ሃለዋት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ሎሚ ኣብ ዘስካሕክሕ ኩነታት ይርከብ። መንእሰይ ኣደዳ ስደትን ውርደትን ኮይና። ኣደ ደቃ ተዘሚታ ወይድማ ዘኽታማት ቆልዑ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ተሰኪማ፡ ኣደ ስዉእ ኣብ ዕብየታ ዝኣልያ ስኢና ብሓፈሽኡ ወጽዓታት ተደራሪቡዋ ብጭካኔ ህግዲፍ ክትማረር ትነብር ኣላ።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ከም ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ኣብ ፖለቲካውን ቁጠባውን ሕብረተሰብኣውን ሃለዋት ሃገርና ማዕርነትና ንምርግጋጽ ተወዲብና ምቅላስ የድልየና። ካብ'ዚ መትከላዊ እምነት'ዚ ተበጊሱ ሰልፍና ኣብ መስራቲ ጉባኤኡ ብዘጽደቐ ፖለቲካዊ ፕሮግራም መሰረት ከም ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ሰልፍና ተወዲብና ክንንቀሳቐስ ጸኒሕና። ኣብ ህዝብና ናይ ተወዲብካ ምቅዋም መንፈስ ሕኑን ኣብዘይሃለወሉ መድረኽ ዝገጥመና መኸተ ቀሊል ኣይኮነን። ምስ'ቲ ኹሉ ዝገጥመና መኸትታት ግን ክሳብ ሕጂ ካብ ዝተመዝገበ ዓወታት እቲ ናብ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከብ ኣሽሓት ኣሕዋትና ኣዕቊቡ ዘሎ መደበር ስደተኛታት ብወከልትና ዝተገብረ ዑድትን ንስደተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ዝተወፈየ ምጡን ሓገዛትን'ዩ። ገና'ውን ህዝብና ክሳብ ዝርህዎ ዝከኣለና ሓገዝት ካብ ምዉፋይ ኣይክንቊጠብን ኢና።

ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሰልፍና ንመሰላት ደቂ ኣንስትዮ ክጣበቕን ግደ ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ንቕሓትና ክብ ንምባል ዝጽዕር ዘሎ እዩ። ምስ ኣብ ሃገርና ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ንምርግጋጽን ዝቃለስ ነጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ዝጋጮ ኣይኮነን። ኣይጋጮን ጥራሕ ዘይኮነ ኣባላት ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣባላት ናጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ክንከውን ዝእግደና ሕጊ የሎን። ክልቲኡ ተወሃሂዱ ክሰርሕ ይግባእ። ምትእስሳርና ኣድላይነት ናይ ናጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ይኣምንን ኣካሉ ኮይኑ ክቃለስን ድሉው እዩ።

ድሞክራሲ ክጥጥዕ ምቹእ ባይታ የድልዮ። ዲሞክራስያዊ ባህሊ ክምዕብል ስኒትን ሰላምን ወሰንቲ ረቛሒታት'ዮም። ባህሊ ናይ ሰላምን ስኒትን ኣብ ስድራቤት እዩ ዝጅምር። ኣብ ስድራቤት ሰላምን ስኒትን ክነግስ ድማ ዝዓበየ ግደ ትጻወት ኣደ እያ። ስለ'ዚ ብዘይተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝህነጽ ዲሞክራሲ ከምዘየሎን ንመሰል ጓል ኣንስተይቲ ዘየኽብር ብባህርያቱ ዲሞክራስያዊ ክኸውን ከምዘይክእልን ዝተረጋገጸ እዩ። መሰልናን ማዕርነትናን ንምርግጋጽ እምበኣር ኣብ ሰልፍታትን ውድባትን ሃሊና ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ'ቲ ናጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኣቲና ምስ'ቲ ኹሉ ንፍትሕን ሰላምን ዝቃለስ ዘሎ ኣካላት ሕብረተሰብና ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ምንዓዝ'ምበር ኣማራጺ የሎን።

ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል ብሓፈሽኡ ንተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ብፍላይ ድማ ንፍትሓዊ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ዓቢ ሞራላዊ ዕጥቂ ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ሓድነት ህዝብና ክሳብ ዝረጋገጽ፡ ጭቆና ካብ ሱሩ ተማሒዩ ብፍትሒን ሰላምን ክሳብ ዝትካእ ከይተሓለልና ክንቃልስ ኢና። መደረና ከነስምዕ ዕድል ዝሃብኩምና ኣንደገና ነመስግን።

ዓወት! ንዲሞክራስያዊ ቓልሲ
ፍትሕን ሰላምን ይንገስ!
ብዘይ ተሳትፎና ዝዕወት ቃልሲ የሎን!
ውድቀት! ንጭቆናን ትምክሕትን

ክብርን ሞገስን ንስዉኣትና!

8 ነሓሰ 2009